# ምሕጽንታ ባይቶ ኤርትራውያን ዳርምሽታትን ከባቢኡን ን ማሕበረ-ሰብ ዓለም

ንሕና እዞም ብባይቶ ዳርምሽታትን ከባቢኡን እንልለ ምንቅስቓስ፣ ኤርትራውያንን ኤርትራውያ ጀርመናውያንን ኢና። ምንቅስቓስና ኣብ ኤርትራ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ክህሉን መሰል ደቂ ሰባት ንምኽባርን ቀንዲ ዕላምኡ ዝገበረ እዩ። ምእንትዚ ኣብ ሃገር ጀርመን ክካየዱ ኣብዝጸንሑ ኤርትራዊ ናይ ሰላምን ለውጥን ህዝባዊ ምቅስቓሳት ሓቢርና ክንሰርሕ ጸኒሕና።

ኣብ ኤርትራ ዘሎ ፖለቲካውን ማሕበራውን ወታሃደራውን ኩነታት ግን፡ ዝያዳ እንዳኸፍኤን እንዳሓሰመን ይኸይድ ብምህላዉን፡ ኣብ ከባቢ ሃገርና ዝካየድ ዘሎ ውግእን ብርሰትን፡ ኣብዚ ናይ ውግእ ቦታታት እዚ ብፍላይ ኣብ ክልል ትግራይ፣ ልዕሊ 96 ሽሕ ዝኾውን ኤርትራዊ ስደተኛ ተዓቚብሉ ዝነብር መደበራት ብምንባሩን ስለዘሎን ናዓና ከም ኤርትራውያን ዝያዳ ከምዝሰማዓናን ሓላፍነት ከምዘሰክመናን ነገንዝብ።

እዚ ስደትን ምብትታን ስድራታት ኤርትርውያን ድማ ውጽኢት ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ኮይኑ፡ ሎሚውን ብሽርክነት ኮለነል ኣቢዩ ኣሕመድን ኢሳያስ ኣፈወርቅን ኣብ ትግራይ ዝካየድ ዘሎ ውግእ'ውን ታሓተቱ ንሳቶም እኺ ይኹኑ እምበር፣ ንዳግማይ ስደትን ምብትታንን ዝያዳ ዕድል ዝሃበ እዩ። ኣብ ስደቶም ብሰላም ከይነብሩ ድማ፡ ብሰሪ'ዚ ብኣብዪ ኣሕመድን ኢሳያስ ኣፈወርቅን ዝምራሕ ኣብ ትግራይ ዝካየድ ዘሎ ኩናት ግዳይ ሞትን ምብትታንን ኮይኖም ምህላዎም ዝፍለጥ እዩ። ኣቶ ዘርሁን ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታትን ዳግመ ምጥያስ ስደተኛታትን ኣጀንሲ ARRA 20 ሽሕ ስደተኛታት ኣብ ከተማታት ፋሕ ኢሎም ምህላዎምን 5 ሽሕ ኩነታቶም ዘይፍለጡ ክምዘለዉን ምግላጾም ድማ ነዚ ዘረጋግጽ እዩ።

መራሕቲ መንግስታት፡ ድሕነት ህዝቦምን ሃገሮምን ካብ ናይ ግዳም ሓይልታት ክሕልዉ ግደታኦም እኺ እንተኮነ፣ ኣብ ኤርትራን ግን፡ እዚ ምኽኑ ተሪፉ ንህዝብን ሃገርን ዘጥፍእ፡ ኣብ ውግእ ዝነብር ምልካዊ ስርዓት እዩ ዘሎ። በዚ መሰረት ነቲ ኣብ መስከረም 2005 ብመራሕቲ ሕቡራት ሃገራት ቅቡል ዝኮነ "ነፍሲ ወከፍ መራሒ ሃገር ህዝቡ ካብ ናይ ውግእ ገበናት፡ ምጽናት፡ ምብራስ ዓሌታት፡ ኣንጻር ሰብኣውነት ገበን ምፍጻም ናይ ምክልኻል ሓላፍነት ኣለዎ፡ ዝብል ኣብ ዓንቀጽ 138 ዝሰፈረ ውዑል ሰይሩ፡ ንሰራዊት ኤርትራ ኣብ ናይ ውግእ ገበናትን፡ ኢሰብኣዊ ተግባራትን የእትይዎ ይርከብ።

ብመሰርቱ ሰራዊት ኤርትራ ክሳተፎ ዘይነበሮን ዘይግባእን ውግእ እኺ ይኹን እምበር፡ ካብቲ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ገበናት ዝሳተፍ ዘሎ ኣባል ሰራዊት ድማ ትሕቲ ዕድመ ስለዝርከቦ ዝያዳ ንሓዝንን ይስማዓናን ሻቕሎትና ይገድድን። ኣብዚ ብፍሉይ ከነመልክቶ እንደሊ ድማ፡ ኣብ ግዜ ውግእ እተን ትሕተ ዕድመ ዝኾና ብረት ዝዓጠቓ ደቂ ኣንስትዮ ብኹሉ ሸንኻት ዝያዳ ዝግፋዐን ተደራራቢ ዓመጽ ዝወርደንን ምኻኑ እዩ። መለኸቲ ስርዓታት ብሓፈሽኡ ንሃገራዊ ኮነ ኣህጉራዊ ሕጊ ዘይግዝኡ ምኻኖም ፍሉጥ እኺ ይኹን እምበር፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂውን፡ ነቲ ኣብ ለካቲት 12.2002 ዝቆመ ትሕቲ ዕድመ ዝኮኑ ቆልዑ ከይዕስከሩ ዝእግድ ኣህጉራዊ ውዑል ረጊጹ እዩ፣ ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎት ንትምህርቲ ሳዊ ዝወረዱ መንእሰያትን ህጻውንትን ብረት ኣሰኪሙ፡ ኣብ ውግእ ትግራይ የእትይዎም ዘሎ።

ኣብዚ ዝካየድ ዘሎ ውግእ ህዝቢ ኤርትራ ክሳራ እንተዘይኮይኑ፣ ዝኮነ ይኹን ረብሓ የብሉን። ኣብ ከባቢኡ ዝግበር ሕማቁን ጽቡቕን ንኸይፈልጥን ንኸይከታተልን ብምኽንያት ሕማም ኮሮና፡ ህዝቢ ክብ ምንቅስቃስ ተኣጊዱ፣ መጓዓዝያ ዝባሃል ተኸልኪሉ ዝሓመመ ሆስፒታል ዝበጽሓሉ መንገዲ ኣብዘይብሉ ሕማቕ ዕጽዋ ይርከብ። ሓበሬታ ምርካብ ሓደ ካብ መሰላት ወዲ ሰብ እኺ ይኹን እምበር፡ ህዝቢ ኤርትራ ብዘይካተን ናይ መንግስቲ ዋሃብቲ ቃል ዝኮና ናይ ዜና ትካላት፡ ካልእ ምስ ከባቢን ዓለምን ክራኸበሉ ዝኽእል ማዕከናት ዜና የለን። ብቴለፎን ምስ ኣብ ርሑቕ ዝርከቡ ስድራታቱ ክራኸብ እውን ብዘለዎ ስግኣትን ራዕድን፡ ካብ ሰላምታ ዝሓልፍ ኣይኮነን። ስለዚ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምሉእ ህዋሳቱ ተመቒሑ እዩ ዘሎ።

**በዚ መሰረት፡ ባይቶ ኤርትራውያን ዳርምሽታትን ከባቢኡን እዚ ዝስዕብ ምሕጽንታ ንኩሎም ዝምለቶም ኣካላት ነቕርብ።**

1. **መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ውግእ ትግራይ፡** ኣብዚ ዕለት 04 ሕዳር 2020 ዝተጀመረ ውግእ፡ ሰራዊት ኤርትራ ምስታፉ ዘየካትዕ ኮይኑ፡ ካብዚኣቶም ካብቶም ንሃገራዊ ኣገልግሎት ተባሂሎም መደበር ሳዋ ዝወርዱ ተማሃሮ ከምዘለዉዎም ፈሊጥና ኣለና። ኣብቲ ውግእ ምስታፍ ይኹን ትሕተ ዕድመ ህጻናት ብረት ምዕጣቕን መሳርሒ ውግእ ምግባሮምን ኣህጉራዊ ውዑል ዝጣሓሰ ብምኻኑ፡ ሰራዊት ኤርትራ ብዘይ ዋዓል ሕደር ካብ ትግራይ ክወጽእ፡ ኣብዚ ውግእ ዝተሳተፉ ትሕተ ዕድመ ህጻውንቲ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ብዝምልከቶ ኣካል ተጻርዩ ንዝበጽሖም በሰላ ውግእ ግቡእ ክንክንቲ ኮነ ኣለያ ክገብረሎም።

2. **ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ መደበራት ትግራይ፡** ብሰሪዚ ኣብ ትግራይ ዝካየድ ዘሎ ውግእ፡ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን ኣደዳ ሞትን ቅትለትን ኮይኖም፡ ካብዝነበርዎ መጽለሊ መደበራት ብፍላይ ካብ ሕጻጽን ሽመልባን ብሓይሊ ንኤርትራ ተወሲዶም፡ ካብቶም ንኤርትራ ዝተወስዱ ብሓይሊ ኣብ ሰራዊት ዝኣተዉ

ኣለዉ፡ ቁጽሩ ብልክዕ ኽንጠቕሶ እንተዘይካኣልና ናብ ስድራታቶም ዝተመልሱ ምህላዎምን ሰብ ትሕዳር ድማ ምስ ቆልዕቶም ኣብ ዶባት ኤርትራን ትግራይን ቀረባ ነቲ ውግእ ዝካየደሉ ቦታታት ዝነብሩ ምህላዎም ኣረጋጊጽና ኣለና። ብዘይካዚ ተቓወምቲ ናይ ስርዓት ኤርትራ እዮም ብዝብል ምስምስ ኣብ ማእሰርቲ ዝሳቐዩ ምህልዎም'ውን ተረጋጊጹ ኣሎ። ኢትዮጵያዊ ዳይረክተር ቤት ጽሕፈት ስደተኛታትን ዳግመ ምጥያስ ስደተኛታትን ኤጀንሲ ዝኮነ ኣቶ ተስፋሁነይ ጎበዛይ ካብቶም 19200 ኣብ ክልቲኡ መደበራት ሽመልባን ሕጻጽን፡ ካብ ዝነበሩ ስደተኛታት ናይቶም 10 ሽሕ ስደተኛታት ሃለዋት እንተዘይኮይኑ ናይቶም ዝተረፉ ሃለዋቶም ከምዘይፈልጥ ዝሃቦ መግለጺ፡ ቢቢሲ ብ9 ለካቲት 2021 ካብዝዘርግሖ ሓበሬታ ድማ ነዚዩ ዘርጋግ። እዚ ላዕለዋይ ኮምሽነር ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት በብእዋኡ ንድሕንት ስደተኛታት ዝምልከት ከውጽኦ ካብ ዝጸንሖ ውሳኔታት፡ “ንኩሉ ጥሕሰት መሰልን ድሕነትን ስደተኛታትን ሓተትቲ ዕቁባን ብፍላይ ድማ ወታሃደራዊ ወይ ዕጥቃዊ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ መደበር ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ንዘካይዱን ግፍዕታት ዝፈጸሙን ንኩንን” ዝብል ኣብ 1984 ዝቆመ ኣብ 1992 ድማ ዝተማሓየሸ ውሳኔ ምጥሓስ ስለዝኮነ፡ ኩኑን ኮይኑ፡ ዝምልከቶ ኣካል እዚ ዝስዕብ ስጉምትታት ክወስድ ነገንዝብ።

1. ብጥቆማ ኣብ መደበር ብዝጸንሑ ሰለይቲ ስርዓት ኤርትራ ዝተቐትሉን ኣሕሊፎም ዝተዋህቡን ስደተኛትት ኮነ ነበርቲ ናይቲ ከባቢ ምጽራይ ክግበርን ገበነኛታት ተሓተቲ ክኮኑን፡
2. ኣብ ዝተገብረ ናይ ተኩሲ ምልውዋጥ ዝተቐትሉ ስደተኛታት ኤርትራውያን ምህላዎም ዝተረጋገጸ ሓበሬታ ስለዘሎ፡ ዝምልከቶ ኣካል ብመዝገብ ኣጻርዩ ከቕርብ፡ ብፍላይ ኤርትራውያን ነቲ ጉዳይ ዝተኸታተልኩምን እትፈልጡን ኣብ ምጽራይ ክትታሓባበሩ ሃገራውን ማሕበራውን ግዴታ ከምዘለኩም ነዘኻኽር።
3. ካብ መዕቆቢ ስደተኛታት ተወሲዶም ብሓይሊ ናብ ሰራዊት ኤርትራ ክኣትዉ ዝተገደዱ ኤርትራውያን ብምህላውም ተጻርዩ ኣድላዪ ስጉምቲ ክውሰድ።
4. ድሕነት ናይቶም ኤርትራውያን ሰደተኛታት ዝነበሩ፡ ሕጂ ግን ኣብ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክሰፍሩ ዝተገደዱ ክሕሎ፡
5. ኣብ ልዕሊ ስደተኛታትን ሰላማዊ ህዝብን ቅትለትን ዝተፈላለየ ገበናትን ዝፈጸሙ፡ ንብረት ህዝቢ ዘበሳበሱ ሽነኻት ኩሎም ኣብ ቅድሚ ሕጊ ክቐርቡ፡
6. ህዝቢ ትግራይ ብሓፈሻ፡ መሊሻታት ትግራይ ድማ ብፍላይ፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ንድሕነቶም ክብሉ ካብ ሃገሮም ዝወጹ'በር፡ ኣብዚ ዝካየድ ዘሎ ውግእ ኢድ ከምዘይብሎም ትፈልጡ ብምዃንኹም። ሕነ ናይቲ ኣብ ውግእ ዝሳተፍ ዘሎ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ስደተኛታት ኤርትራውያን ኮነ ነበርቲ ኣብ ትግራይ፡ ዝኮነ ይኹን ስጉምቲ ንከይውሰድ ነዘኻክር።

7. **መንግስቲ ኢትዮጵያ** ኣብ ትሕቲኡ ንዝጸንሑ ስደተኛታት ድሕነቶም ክሕሉ ዝግባእ እኳ እንተነበረ፡ ብኣንጻሩ ነቶም ድሕነቶም ንምውሓስ ካብ መደበር ስደተኛታት ኣምሊጦም ኣብ ከተማታት ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ኣዲስ ኣበባ ዝኣተዉ መንእሰያት ደቂ- ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ብፖሊስ ዝወርዶም ዘሎ ሕማቕ ኣታሓሕዛን ግፍዕን ደው ከብል፡ ነቶም ኣብ ሓደ ቦታ ብፍላይ ኣብ ሓደ ጫፍ ናይ ኣዲስ ኣበባ ቲሉዲምቱ ኣብዝተባህለ ቦታ ኣሲርዎም ዘሎ ኩነታቶም ከማሓይሽን ናይ ዕቁባ መሰሎም ክሕሉን ኣጥቢቕና ነማሕጽን።
8. መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ከተማታት ፋሕ ኢሎም ዝርከቡ ስደተኛታት ኤርትራውያን ንቤት ጽሕፈት ላዕለዋይ ኮምሽነር ስደተኛታት ከረክብን ብዝገብሮ ምትሕብባር፡ ድሕነት ሓተትቲ ዑቕባ ኤርትራውያን ከውሕስን ንጽውዕ።
9. ኣብ ዲያስፖራ እንርከብ ኤርትራውያን ኲነታት ስደተኛታት ኤርትራውያን ቤተ ሰብና ስለ እንፈልጥ፡ ውሕስነትን ድሕነትን ኣሓትናን ኣሕዋትናን ንምርግጋጽ፡ ንቤት ጽሕፈት ላዕለዋይ ኮምሽነር ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ሓበሬታትት ኣብ ምቕራብ ክንተሓባበር ይግባእ።
10. ኣብ ልዕሊ ኢሳያስን ላዕለዎት ተላኣኣኽቱን፡ ኣብዚ ውግእ ዝሳተፉ ዘለዉ ኣዘዝቲ ሰራዊት ኤርትራን እገዳ ክግበር፡ ብናይ ውግእ ገበን ኣብ ቤት ፍርዲ ክቐርቡን ነገንዝብ።
11. ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ወሪድዎ ዘሎ ጭቆና ንምውጻእ፡ ከም ህዝቢውን መሰሉን ድሕነቱን ክሕሎ፡ ዝምልከቶ ማሕበረሰብ ዓለም ክትትል ክገብር፣ ምስ ኤርትራዊ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ትካላትን፡ ህዝባዊ ምንቅስቓሳትን ደለይቲ ለውጥን ክታሓባበር ንጽውዕ።

ባይቶ ኤርትራውያን ዳርምሽታትን ከባቢኡን

**Emailkontakt:** eriforumdaum@gmail.com

ዳርምሽታት ዕለት 18.03.2021